paltalk Eritrean Room for A Strong United Opposition

# ኣገዳሲ ህዝባዊ ሓቤረታ ..!! ዘተ ምስ ክቡር ሓው ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም ኣባል ሰክረታርያ ሃገራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ

ዝኸበርክምን/ክንን ደቂ ሃገር፡ ብቀዳምነት ልዑል ልባዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም/ክን።

ብምቅጻል ከምቲ ልሙድ ንዓርቢ 3 መስከረም (September), 2010 ክቡር ሓው ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም፡ ጋሻ ናይ “Eritrean room for united and strong opposition“ ኮይኑ ከሚሲ፡ ኣብ (Paltalk)፡ ሒዝናልኩም ክንቀርብ ኢና። እዛ room እዚኣ እትኽፈተሉ ግዜ፡ ብናይ ማእከላይ ኣውሮፓ ኣቖጻጽራ፡ ሳዓት 20፡00 ክኸውን እንከሎ፡ መደረ ጋሻና ዝጅምረሉ ግዜ ግን፡ ሳዓት 21፡00 እዩ።

ሓው መሓሪ ኣብራሃም፡ ዋና ኣሳናዳኢ TV-Zete ኣብ ሽወደን፡ ከም ጋዜጠኛ መጠን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ስደት ኮይኑ ክውንነት ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ትሕቲ ስርዓት ውልቀ-መላኺ ዘቃልዕ፤ ዝተፈላለዩ ኣባላትን መራሕቲ ውድባት/ሰልፍታት ኤርትራ፡ ከመኡ እውን ብውልቀ ተቓወምቲ፡ ኣብ መደቡ እንዳ ዓደመ፡ እውነታውን ኣሉታውን ምዕባሌታት ተቓውሞ ደንበ፡ ህዝብና ከም ዝፈልጦን ዝሕበርን፡ ዝገብር፤ ተቃሊሱ ዘቃልስ፤ ዘሎ ውፉይ ወዲ ሃገር እዩ።

ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽፍሊ መድያ መርበብ ሲቪካዊ ማሕበራት መሪሑ ብምኻድ ዝተሳተፈን ከምኡ ኣዉን ንዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ብምዉኻል ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ተሳቲፉ። ብድሕሪኡ ኣዉን ናይታ ብተሳተፍቲ ዋዕላ ሙሉእ ዉሳነን ፍጹም ደሞካራሲያዊ ኣገባብን ካብ ዝተመረጹ 17 ዝኣባላታ ሰክረታርያ ዋዕላ ካብ ዉሽጣ ብብቕዓትን ክእለትን ካብ ዝተመረጹ ቀዳሞት ሓንቲ ጓልኣንስተይቲ ዝርካባ 4 ዝኣባላታ ዋዕላ እትመርሕ መሪሕነት ሰክረታርያ ብሙሉእ ድምጺ ተስተፍቲ ዋዕላ ዋዕላ ክመርሕ ካብ ዝተመርጹ እዩ።

ትሕዝቶ መደረ ሓው መሓሪ ኣብራሃም፡ ኣብ ትሕዝቶን ዉጺትን ሃገረዊ ዋዕላ ንደሞክራሳዊ ለዉጢ ብዓይኒ ሰክረታርያ ዋዕላ እዩ። እዚ ኣገዳሲን ብሉጽን ሓበሬታ ክቡር ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም ከይሃልፈኩም ምሳና ክተምስዩ/ያ ንኹልኻትኩም/ክን፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ደቂ ሃገር፡ ብኽብሪ ንዕድም።

ብዳሓን ምጽኡ

ካብ ኤርትራውያን፡ ኣባላት ዝተፈላለያ ውድባትን፤ በርገሳዊ ማሕበራትን፤ ብውልቀ ተቓወምቲ፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን (Paltalk)፡ ብዛዕባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፡ ከምኡ'ውን ከም ተቓወምቲ መጠን፡ ብኣግባብ ኣቓላልሳና እንማያየጥን ኣንዛተን ደቂ ሃገር። erfsauo@yahoo.com